# ኣኼባ ባይቶ ሚኒስትራት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ሉሳካ ዛምብያ ተኻይዱ።

------------0-------------

መበል 74 ምዱብ ኣኼባ ባይቶ ሚንስተራት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ካብ 5 ክሳብ 7 ሓምለ 2001 ኣብ ሉሳካ ርእሰ ከተማ ዛምብያ ተኻይዱ፡፡

ኣብቲ ኣኼባ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ዝምራሕ ሓሙሽተ ኣባላት ዝሓቖፈት ልኡኽ ኤርትራ ተሳቲፉ።

ኣብቲ “ ምእዋጅ ኣፍሪቃዊ ሕብረት ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ 53 ሃገራት ኣፍሪቃ ብደረጃ ሚኒስተራት ተሳቲፈን። ኣቐዲሙ ከኣ ካብ 2 ክሳብ 4 ሓምለ፡ መበል 13 ምዱብ ኣኼባ ኮሚቴ ኣምባሳደራት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ተኻይዱ ነይሩ።

ኣብቲ ኣኼባ ዝተዘተየሉ ነጥብታት ንጉዳይ ስደተኛታትን ናይ ውሽጢ ተመዛበልትን፡ ካብን ናብን ምስግጋርን ምንቅስቓስን ናኣሽቱን ፈኮስትን ኣጽዋራት፡ መስርሕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምልከት ከምኡ እውን ፖለቲካዊ ኩነታት ብሩንዲ፡ ኮሞሮስ፡ ዲሞክራሲያዊት ሪፖብሊክ ኮንጎ፡ ስራልዮን፡ ሶማል፡ ኣንጎላ ካልእን ዘጠቓለለ እዩ።

ገለ ካብቶም ጌና ንኣፍሪቃ ዘንጸላልውዋ ዘለዉ ብድሆታት፡ ግጭታት፡ ስደትን ምምዝባልን፡ ዕዳ፡ ኣይድስ፡ ጥሜትን፡ ድኽነትን ምዃኖም ብምምልካት፡ ኣኼባ ባይቶ ሚኒስተራት፡ ነዞም ጸገማት እዚኣቶም ንምብዳህ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ መሻርኽቲ ሃገራት ብምውህሃድ ዘይሕላል ጻዕሪ ከካይዱ ኣዘኻኺሩ። ኣባል ሃገራት ነቲ ዘይተርፍ ውጺተን (ስልዒተን) ኣብ እዋኑ ክኸፍላ ድማ ተማሕጺኑ።

እቲ ዝዓበየ ክፋል ወይ ሕመረት መዛረቢ ነጥቢ ናይቲ ኣኼባ ንኣፍሪቃዊ ሕብረት ዝምልከት ውጥን እዩ፡- ነቲ ናይ 38 ዓመት
ዕድመ ዝገበረ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ብ“ኣፍሪቃዊ ሕብረት” ንምትካእ፡፡

ዕላማ ናይዚ ሞዴል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝመሳሰል ውጥንዚ፡ ኣብዛ ኣህጉር ሓደ ኣፍሪቃዊ ፓርላማ፡ ሓደ ማእከላይ ባንክ፡ ሓደ
ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከምኡውን ሓደ ናይ ሓባር ባጤራ መስሪትካ- ፖለቲካውን ቁጠባውን ውህደት ሃገራት ኣፍሪቃ ንምግባር እዩ።

መበል 37 ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ 9 ክሳብ 11 ሓምለ ኣብዚ ኣብ ሉሳካ ክቕጽል ስለዝኾነ፡ ኩሉ እቲ ዝተላዕለ ጉዳያት መደምደምታ ክረኽቡ ትጽቢት ይግበር።

*****ኢ.ዜ.ኤ******